# ሰንበት ዘደብረ ዘይት

ታሕሣሥ 3 2008 ዓ.ም. (12/13/2015)

መዝሙር፡ ሠርዐ ሰንበተ ለሰብእ ዕረፍተ. . . . . .

ንባባት፡ 1ተሰሎ 3፡12-4፡2፥ ፪ጴጥ 3፡10-ፍ፥ ግ.ሓ. 2፡29-36፥ ሉቃ 21፡28-36።

ምስባክ፡ ለነዳያኒሃኒ አጽገቦም እክለ፥ ወለካህናቲሃኒ አልበሶሙ ሕይወተ፥ ወለጻድቃኒሃኒ ትፍሥሕተ ይትፌሥሑ።

በዚ ሰንበት ዝዝመር መዝሙር ከአ “ሰብ ከዕርፈላ ምእንት ሰንበት ሰርዐ አብ ሰማይን አብ ምድርን አብ ባሕርን አብ መሬትን ምእንቲ ዘለዉ። ምእንቲ አቦታትና ነብያትን ሓዋርያትን፥ ምእንቲ ጳጳሳትን ቀሳውስትን ዲያቆናትን መነኮሳትን ሰንበት ንዕረፍቲ ሰርዐ፥ ንጻድቃንን ኃጥአንን ንሙታንን ሕያዋንን ኢሉ ሰንበት ምእንቲ ዕረፍቲ ሰብ ኢሉ ሰርዐ፥ ንሳ ሰንበት ክርስቶስ ማኅደር ስም ንልዑል እያ” ይብል።

እዋኑ ንብዓለ ልደት ክንቅረብ ዝተዋህበ አብ ሰንበት ዘአስተምህሮ ኢና ዘሎና፥ ጥበብ አምላኽ ክንምሃር ቃላቱን ድለቱን ክፍሊ ሕይወትና ገርና ንአምላኽ ዝበቅዕ ሕይወት ሒዝና ክንጸንሕ ዝዕድም ፍሉይ እዋን ኢና ዘሎና። ቀጺሉ ዘምጽአት ሰለስተ ሰናብቲ ክጅምር እዩ፥ ካልእ ሎምዘበን ፍሉይ ዝገብሮ ቤተ ክርስትያን ዓመተ ኢዮቤል “ዓመተ ምሕረት” ኢላ አዊጃትልና አላ። እዚ ኸሉ ምስ አምላኽ ሓድነት ክህልወና እሞ ጣዕሚ ውሉድ አምላኽ አስተማቒርና ክነብር ክሕግዘና ንማለት እዩ።

ንመዓልቲ ኅይታ እናተሰናዶና እንጽበየሉ እዋን ኢና ዘሎና። አብ ታሪኽ እምነትና ሰለስተ ምጽአት ኅይታ አሎ። ቀዳማይ ምጽአት ቅድሚ 2000 ዓመት አብ ቤተ ልሔም ከማና ኮይኑ ካብ ድንግል ዝተወልደሉ። ካልአይ ምጽአቱ አብ መወዳእታ ዓለም ብግርማ መለኮት ብመላእኽቲ ተዓጂቡ ክመጽእ እዩ፥ እቲ ሳልሳይ ምጽአት አብ መንጎ ቀዳማይን ካልአይን ዘሎ ምጽአት እዩ ንሱ ኸአ አብ ዕለታዊ ሕይወትና ንኢየሱስ አብ ምስጢራቱ ክንቅበሎ እንከሎና ብፍላይ አብ ቅዱስ ቁርባን። እዚ እዋን ንኹሉ ዘጠቓለለ እዩ ማለት ዝሓለፈ ዘሎን ዝመጽእን። በዚ ምኽንያት እምብአር ክርስትያን ኵሉ ጊዜ ወዲ ምጽአት እዩ።

አብዚ እዋን እናተጸበና እንከሎና ምሕረትን ነጻነትን ንጽበ ምክንያቱ ንጉሥና ዝኾነ ክርስቶስ ብዓቢ ስልጣንን ኃይልን አብ ህዝቡ ክነግሥ ክመጽእ እዩ። ነዚ እዋን ፍሉይ ዝገብሮ አብ ዓመተ ምሕረትን ነጻነትን ንዝክሮ ስለ ዘሎና። ክርስቶስ ዝመጽእ ዘሎ ክምሕረናን ሓርነት ከጎናጽፈናን ካብ ፍርሃትን ኵሉ ዓይነት ጭቆና ነጻ ክገብረና እዩ ዝመጽእ ዘሎ። እግዚአብሔር አብ ቀዳሞት ዘመና ብነብያትን ብጽሑፋት ኦሪት ከም ዝርከብ ነጊሩ ንእብነት ኤር 13፡33-37 ዘሎ እንተ አንበብና እዚ ዘሎናዮ እዋን ንአና ደቁ ዝኾና ምልአት ናይ እቲ አምላኽ ዘተስፈወና ከምዝኾነ ይገልጸልና። እቲ ዝተዋህበ ተስፋ ብዛዕባ ንሕና እንድሕነሉን ነቲ ብዘይፍለጥ ፍርሃት ዘጥፉእናዮ ሓድነት ሕይወትና ዝሕድስ እዩ። ብማዕረኡ እዚ ጊዜ እዚ ተስፋናን እምነትናን ዝተሓድሰሉ እዩ። ኢየሱስ ዝመጽእ ካብ ኵሉ ሕፍረትን ዝስዕብ ሓዘንን ነጻ ከውጽአና እዩ። እሞ ነዚ ምስንዳውና ከመይ ገርና ንቀራረብ አሎና።

ቅዱስ ጳውሎስ አብ ቀዳመይቲ ንባብና ከመይ ገርና ክንቀራረብ ከምዘሎና ምልክት ይህበና። መልእኽቲ ጳውሎስ ፩ተሰሎንቄ እታ መጀመርያ ጽሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን ብ50/51 ዓ.ም. አቢላ ዝተጻሕፈት እያ። ጳውሎስ አብ ተሰሎንቄ ሰቢኹ ቤተ ክርስትያን ከአ አቋቑሙ፥ ካብኡ

ንቆሮንጦስ ከይዱ። ኣብ ቆሮንጦስ እንከሎ እታ ኣብ ተሰሎንቄ ዝነበረት ማሕበር ስደት ከም ዝተላዕላ ሰሚዑ ስለዚ ንጢሜቴዎስ ረድኡ ኩነታት ክሕብሮን ከመይ ከም ዘለዉ ክፈልጥ ልኢኽዎ። ጢሜቴዎስ ምስ ተመልሰ ኣብ መንጎ ሰብ ተሰሎንቄ ዘሎ ናይ እምነት ጸገም ገሊጽሉ ሽዑ እዩ እምብአር ጳውሎስ ነዚኣ መልእኽቲ ክጽሕፍ ተገዲዱ (1ተሰሎ 4፡13-18)።

ኣብ ተሰሎንቄ ዝነበሩ ጸረ ቤተ ክርስትያን እቲ ጳውሎስ ዝስተምሃሮ ኢየሱስ ንሰዓብቱ ናብኡ ክወስዶም ክመጽእ እዩ ዝብል ጳውሎስ ባዕሉ ዝፈጠሮ እዩ እናበሉ የናፍሱ ነሮም። ንመንቶም መርትዖ ክኾኖም ዘቕርብዎ ዝነበሩ ገለ ካብ ቀዳሞት ክርስትያን ኢየሱስ ብሕይወቶም እንከለዉ ክመጽእ ዝጸበዩ ዝነበሩ ድሮ ከይመጽአ መይቶም ስለዚ ብእምነቶም ተታሊሎም ኢናበሉ የውርዩ ነሮም። ጳውሎስ ክምልስ እንከሎ ሞቶም ኢየሱስ ክመጽእ እንከሎ ሓንቲ ጸገም ኣየምጽአሎምን እዩ ይብል። ኣብ ጊዜ ምጽኣት ክርስቶስ ሙታን ብሓባር ምስቶም ሕያዋን ክትንሥኡ ንጎይታ ኣብ ኣየር ክቕበልዎ እዮም (1ተሰ 4፡13-18) ይብል።

ዳግማይ ምጽኣት ክርስቶስ ንብዙሓት ክርድእዎን ክቕበልዎን ዘጸገመ ኣርእስቲ እዩ። ቅ.ጳውሎስ ንርእሱ ኣብ ፩ተሰሎ 4፡17 ከም እነንብቦ ኣብ ጊዚኡ ዝመጽእ ይመስሎ ነሩ፥ ብዙሓት በብእዋኑ ኣብዚ ዓመት መወዳእታ ክኸውን እዩ እናበሉ ዝዛረቡ ውሑዳት ኣይኮኑን። እቲ ቀንዲ ነገር ክመጽእ ከም ዝኾነ እዚ ዓለምና ክውዳእ ከም ዝኾነ ኣሚና ኩሉ ጊዜ ተሰናዲና ክንጸንሕ እዩ ዝድለ ዘሎ።

ጳውሎስ ክምዕደና እንከሎ "በታ ጎይታ ምስ ኵሎም ቅዱሳን ዝመጽኣላ መዓልቲ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣቦና ኣበር ዘይብሎም ቅዱሳንን ምእንቲ ኽትኾኑ ልብኹም የበርትዕ" (1ተሰሎ 3፡13) ይብል። ቅድስና ዝብል ሓሳብ ሎሚ በዚ ዘመና ኣረጊት ኣበሃህላ ዘመኑ ዝሓለፎ፥ ክጭብጥ ዘይክኣል ነገር እዩ ስልዚ ኣይንኣምንን ዝብሉ ብዙሓት እዮም። እንተ ኾነ ኣብ ዕብ 12፡14 "ብዘይ ቅድስና ሓደ እኳ ንእግዚኣብሔር ዝርእዮ የልቦን እሞ ቅዱሳን ክትኮኑ ጽዓሩ" ዝብል ነንብብ፥ ንኣምላኽ ምስኡ ክንከውን ቅድስና የድሊ።

ቅድስና ክንለብስ ኢልና እነሕልፎ መከራን ፈተናን ብዘየገድስ ጳውሎስ ኣብዚ እዋና ክንገብሮ ዘሎና እናኣጠንቀቐ ይምዕደና። ክርስትያን ኣብዚ ዓለም ንክርስቶስ ክመስል ክጽዕር ይግብኦ። እዚ መጸዋዕታ ንምልኣት ክንረክብ እንገብሮ እዩ ዝሕብር። እዚ ዘይክኣል እንተ ዝኸውን ኢየሱስን ሓዋርያትን ከምቲ ሰማያዊ ኣቦይ ፍጹም ዝኾኖ ፍጹማት ኩኑ ኣይምበሉን። ኣብዚ ቅዱስ እዋን ክንገብሮ ክንስዕሮ ዝግብኣና ነገራት ኣሎና ማለት ስስዐ፥ ዝሙት፥ ህርፋን፥ ቁጥዓ፥ሓሶት፥ ሓመታ፥ ክፉእ ዘረባ፥ ምንጻል ጥንሲ፥ ስኽራን. . . ዝኣመሰሉ ካብ ልብና ካብ መንፈስና ክንኣሊ ኣሎና። ክንሰናዶን ንርእስና ብጽቡቕ ነገራት ክንመልእ እሞ ከምቲ መርዓት ንመርዓዊኣ እትጽበ ክንጽበ ኣሎና።

ጊዜ ምጽኣት ፍቕሪ ኣምላኽን ፍቕሪ ሓውናን እንገልጸሉ እዋን እዩ፡

ሓዋርያ ጳውሎስ ኣብዚ እዋን ጉዕዞ ምጽኣትና ክጽብቕ ኢሉ ነነድሕድና ክንፋቐር ይነግረና። ጊዜ ምጽኣት ፍቕርና ንኣምላኽ ነቲ ከድሕነና ኢሉ ዝመጽእ ዘሎን ንሓውናን ሓፍትናን እንገልጸሉ እዩ። "ብዝተረፈ ኣኃዋተይ ንኣምላኽ ምእንቲ ክተሓጉስዎ ኸመይ ገርኩም ክትነብሩ ኸም ዝግብኣኩም ካባና ተማሂርኩም ኢኹም፥ ድሮ እኳ ትነብርዎ ኣሎኹም፥ ሕጂ ኸኣ ነዚ ብዝበለጸ ኽትነብርዎ ብጎይታና ኢየሱስ ንልምነኩምን ነተባብዓኩምን ኣሎና" እናበለ ናይ ሓደ ተኸታሊ ክርስቶስ ሕይወት ከመይ ዝበለ ክኸውን ከምዘለዎ ይነግር።

አብ መወዳእታ ከምቲ ናይ ሎሚ ወንጌል ዝብለና ንርእስና አብ ጽቡቕ ነገራት ጸሚድና እንከሎና ነቒሕናን ተጊህናን ክንጽበ። እዚ ማለት ከአ ብዝያዳ አብ ጸሎት ክንጽመድ ዝጽውዕ እዩ። ምኽንያቱ ጸሎት ንነፍስና የጽሪ፥ ንኹሉ ፍርሓት ይአልየልና፥ከምኡ የበራትዓናን የጽንዓናን። ጸሎት መንፈሳዊ ኃይሊ ሓቦን እምነትን የውርደልና ሽዑ ጽኑዓት ኮና ንምጽአት ጎይታ ከም ንጸንሕ ይገብረና። አብዚ እዋን እምብአር ውሽጣዊ ጸሎት እናአዘውተርና ክንቀራረብ እምበር ግዳማዊ ነገራት ከይስዕረና ክንጥንቀቕ። ብርግጽ እዚ ወንጌል ንቀዳሞት ክርስትያን እዩ ተጻሒፉ እንተ ኾነ ንአና እውን የስምዕ እዩ። ዓለምና ሎሚ ዘይትሓልፍ መሲልዎም ብዙሓት አብ ጣዕምን ምቾትን ተዋሒጦም ይነብሩ አለዉ። ወንጌል ግን ንምጽአት መዓልቲ ጎይታ ስንድዋትን ንቑሓትን ኮና ክንጽበያ ብኽመይ ዝበለ አገባብ ከም ዝመጽአና ክንፈልጥ አየድልን ከም ዝመጽአና ዓለምና ከም እትውዳእ ንፈልጥ ኢና ስለዚ ንንቃሕ። እቲ ብዝያዳ እንጸቕጠሉ ምአስን ከመይን ዘይኮነ ክመጽእ እዩ ክንረኽቦ ኢና ከመይ ኢልና ንጽበዮ አሎና።

“ካብቲ ኹሉ ክኸውን ዘለዎ ነገራት ምእንቲ ኽትመልቁን አብ ቅድሚ ወዲ ሰብ ደው ንምባል ምእንቲ ክትክእሉን ኵሉ ሳዕ ነቒሕኩም ጸልዩ” (ሉቃ 21፡36)። አብ ሓለዋ ክንህሉ እዩ ዝድለ ዘሎ እዚ ኸአ ኵሉ ጊዜ እዩ እምበር እናክጥዕመካን ምስደለኻን ክኸውን የብሉን። ገለ ካብ ከኒሻ ድሕነት ሓንሳብ ተፈጺሙ እዩ ስለዚ ናትና ግብሪ ዝጠቕሞ የብሉን ዝብል ግጉይ ትምህርቲ ንብዙሓት ብመንፈስ አድኪሙ አምላኽ ምሕረት ጥራሕ ዝህብ እምበር ቅኑዕ ፈራዲና ከምዝኾነ ሽለል ዝበልዎ ይመስሉ። መገዲ ሰማይ አቕልል አቢሎም ዝርእይዎ ይመስሉ። ኢየሱስ ግን እታ ንመንግስተ ሰማይ እትውብስድ መገዲ ቀጣን ብአአ ዝአትዉ ኸአ ውሑዳት እዮም ይብለና። ስለዚ አብዚ ዓለም እንከሎና ስንቅና ክንቅርብ ግቡእ እዩ።

ድሕነት ብርግጽ ብወገን አምላኽ ተፈጺሙ እዩ ግን ናታትና እጃም እውን የድሊ እዩ። ከመሎኹ ምባል የድሊ ክዕርዮ ክገብሮ ዝግብአኒ ነገር እንታይ አሎ ክብል እዋኑ እዩ። ንብዙሓት ከቢዱና ዘሎ ንስምዒትና ንአይ ዝብል መንፈስ ምስዓር ስኢና አብ ናይ ሓሶት ዓለም ንነብር አሎና።አብዚ ጊዜ ንርእስና ክንመልኽ ንተጋጊናዮ ዘሎና ምሕረት ክንሓትት፥ አብ አምላኽ ክንቀርብ አፍደገ ምሕረት ቅዱስ አቦና ፍራንቸስኮስ ብምዓልቲ “ፅንሰታ ለማርያም” ንዓመት መመላእታ ክንጥቀም ኢሎም አዊጆምልና አለዉ ስለዚ ነፍሲወከፍና ጵዉዓት ኢና ካብቲ ወዲቕናዮ ዘሎና ዝዓበየ ይኹን ዝንአሰ ድኽመትና ተአሚና አብ አምላኽን ዕርቂ ምስ ሓውናን ክንምለስ ንሕተት አሎና። “እንሆ አብ አፍደገ ደው ኢለ ማዕጾ ኳሕኳሕ አብል አሎኹ። ሓደ እኳ ድምፀይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፈተለይ ናብኡ ኽአቱ ምስኡ አብ መአዲ ኽቕመጥ እየ፥ ንሱ እውን ምሳይ ኪቕመጥ እዩ” (ራእ 3፡20)። እዚ ንነፍሲ ወከፍና ዝብሃል ዘሎ እዩ። ማዕጾ ልብና ንአምላኽ ክንከፍተሉ እሞ አምላኽ ማሕደሩ ክገብረልና ሕውነት ክዓቢ ብኡስ ክዕረቕ ርሒቑ ዘሎ ክቐርብ ምእንቲ አምላኽ ይዛረብ አሎ።

አሕዋተይ ጊዜ ከሎና ጊዜ አይንጸበ ዝተበአስና እንተ አሎና መጀመርያ ንአና ክጥዕመና ክንዕረቕ ክንመሓሓር ንሕተት አሎና። ልብና ንኽፈት አምላኽ ባዕሉ ብወኪሉ ይዛረብ አሎ። ደፋራት ንዕርቂ ክንከውን አምላኽ ይሓተና አሎ። ሓወይ እንተ በደለኒ ክንደይ ጊዜ ክምሕሮ አይንበል ባዕሉ መልሱ ሂቡና እዩ። መሓርቲ ምኳን ናይ ደቂ አምላኽ መጸዋዕታ እዩ። አስተንትኖና ካብ መዝ. 25፡4 “ኦ እግዚአብሔር ጎደናታትካ አፍልጠኒ መንገድታትካ ምሃረኒ” እናበልና ንዛዝሞ። ንኹሉ አብ ኢድ አምላኽ አንቢርና ጸሎት እናገበርና አምላኽ አብ ልብና ክአቱ ልብና ብንስሓ አንጺሕና ንሰናዶን ንጸበን።

አብ ኩሉ አምላኽ ምሳና ይኹን።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ